*Tigrinja*

# ናይ ኮቪድ-19 መርመራ ግደፍ

ኣብ እዋን ኮቪድ 19 ክውሰዱ ዝከኣሉ ክልተ ዝተፈላለዩ መርመራታት ኣለው። እቲ ሓደ እንድሕር ህሉው ረኽሲ ኣለካ ኾይኑ እቲ ካልኣይ ከኣ እንድሕር ኮቪድ-19 ነሩይካ እሞ ጸረ ዃና ኣካላት ኣማዕቢልካ ኾይንካ የርእይ።

እቲ ሓደ ህሉው ረኽሲ እንድሕር ኣለካ ኾይኑ ዘርእይ መርመራ ፐሰኣር-መርመራ/PCR-prov ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ረኽሲ እንድሕር ነይሩካ ከምኡ'ውን ጸረ ዃና ኣካል ከምዘማዕበልካ ዘርእይ መርመራ ስነ-ዕያገነዳዊ መርመራ ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ዋላ ሓደ ካብ'ቶም መርመራታት ርግጸኛ መልሲ ከምዘይህቡ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። ኩሉ ግዜ ሓደ ውሱን ከፊል፡ ጌጋ መልሲ ዝወሃብ ኣሎ።

## ናይ ኮቪድ-19 መርመራ መዓስ ክገድፍ ይኽእል?

ሓደ ፐሰኣር-መርመራ/PCR-prov ሓደ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ዘይገድፍ ምልክት ሕማም ክህወካ ከሎ ኢኻ ክትገድፍ ትኽእል።

ሓደ ስነ-ዕያገነዳዊ መርመራ ብዝቐልጠፈ ድሕሪ 14 መዓልትታት ምልክት ሕማም ምስነበረካ ኢኻ ክትገድፍ ትኽእል። ሽዑኡ እቶም ጸረ ዃና ኣካላት ናብ ክዕቀኑ ዝኽእሉ ደረጃታ ንኽምዕብሉ የርክቡ። ብዙሕ ኣዋርሕ ድሕሪ ምሕዋይካ መርመራ ክትገድፍ ይከኣል እዩ።

እንድሕር ሓሚምካ ከለኻ ፐሰኣር-መርመራ/PCR-prov ገዲፍካ ነይርካ እሞ እቲ መርመራ ኮቪድ-19 ከምዘለካ ኣርእዩ ነይሩ ናይ ጸረ ዃና ኣካላት መርመራ ምግዳፍ ኣየድልየካን እዩ።

## መን እዩ ናይ ኮቪድ-19 መርመራ ክገድፍ ዝኽእል?

**እንድሕር ናይ ኮቪድ-19 ህሉው ረኽሲ ኣለካ ኾይኑ ንኽትርእይ ሓደ ናይ** ፐሰኣር-መርመራ/PCR-prov ምግዳፍ ጽቡቕ እዩ። ዋላ እውን እቶም ምልክት ሕማም ቀለልቲ ኮይኖም፡ ኣድላዪ እዩ።

ካብ ቅድሚ-ትምህርቲ ጀሚርካ ዘለው ቆልዑት እውን መርመራ ክገድፉ ለበዋ ኣሎ።

እንድሕር እብ'ቲ ናይ ላብዕ ምክትታል ትጠቓለል ኾይንካ መርመራ ንኽትገድፍ ምሕጽንቶ ክግበረልካ ይከኣል እዩ። ሽዑ እቲ ዘለበዓካ ውይ ከንከን ሕማም ምሳኻ ርክብ ክገብሩ ይኽእሉ። ብዛዕባ ግዴታትካ ዝያዳ ኣብ [Smittskyddslagen](Smittskyddslagen). ጽሑፍ ኣንብብ።

ንኣብነት እንድሕር ሓሚምካን እንድሕር ኣብ ሓደ ኣገዳሲ ናይ ሕብረተሰብ ኣገዳሲ ንጥፈት ትሰርሕ ኾይንካን እቲ ወሃብ ስራሕካ መርመራ ንኽትገድፍ ክደልይ ይኽእል እዩ። ሓደ ኣሉታዊ ናይ መርመራ መልሲ ምስ ሓሸካ ብዝቐልጠፈ ናብ ስራሕ ክትምለስ ከምርሕ ይኽእል ማለት እዩ።

### ናይ ጸረ ዃና ኣካላት መርመራ

ሓደ ሓደ ኣውራጃታት ንኹሎምም ልዕሊ 18 ዝዕድመኦም ናይ ዃና ጸረ ኣካላት መርመራ ኣለዎም፡ ካልኦት ኣውራጃታት ግን መን መርመራ ከምዝገድፍ ቀዳምነት ይህባ እየን።

ብዛዕባ ኣብ'ቲ እትቕመጦ እንታይ ከምዝምልከት ኣብ'ዚ ጽሑፍ ከተንብብ ትኽእል ኢኻ። ቅድም ኣውራጃኻ ምረጽ። ኣብ'ዚ ገጽ እዚ ኣብ ላዕሊ ኢኻ ትገብሮ።

### ኣብ ቨስተርኖርላንድ ከመይ ገይረ መርመራ ክገድፍ ይኽእል?

## ብመንገዲ ባዕልኻ መርመራ ምውሳድ ኣብ 117 Vårdguiden/ቮርድጋይደን ተመርመር

ንስኻ ገለ ዓይነት ናይ ኮቪድ-19 ምልክት ሕማም ዘለካን፡ ኣብ ቨስተርኖርላንድ እትቕመጥን፡ 6 ዓመት ዝመላእካ ከምኡ'ውን ወካሊ ዝመዘዝካን ምእንቲ ነቲ መርመራ ባዕልኻ ክትገብሮ ናይ መርመራ መሳርሒ ክትእዝዝ ትኽእል ኢኻ።

ነቲ መርመራ ኣብ 1177 ናይ Vårdguiden e-tjänster ብምእታው ኢኻ ትእዝዞ።

እቲ መርመራ እንድሕር ኮቪድ-19 ኣለካ ኾይኑ የርእይ።

ብዛዕባ [ኣብ ቨስተርኖርላንድ መርመራ ናይ ኮቪድ-19 ባዕልኻ ምውሳድ/Egenprovtagning för covid-19 Västernorrland]() ኣንብብ።

# መርመራ ምውሳድ ኣብ ናይ ጥዕና- ወይ ናይ ክንክን ማእከል - ደውል ቅድም!

እቲ ምልክት ሕማም ዘለዎ ሓደ ናይ ኮቪድ-19 መርመራ ክገድፍ ዝደልይ ግን ምናልባሽ መርመራ ባዕልኻ ምውሳድ ክመርጽ ዘይክእል ምእንቲ ሓደ መድሃኒታዊ ገምጋማ ተዋሂቡ ደሓር ሓደ ቆጸራ ክሕዝ እንተድልዩ ናብ ናይ ጥዕና- ወይ ናይ ክንክን ማእከሉ ምድዋል ክድልዮ እዩ።

እንድሕር መርመራ ንምውሳድ ቆጸራ ክሕዙ ዝደልዩ ብዙሓት ኮይኖም እቶም ናይ'ዚ ኣውራጃ ናይ ኣምቡላንስ፡ ፖሊስ፡ መጥፋእቲ ባርዕ ሰራሕተኛታት ቀዳምነት ክወሃቦም ይኽእል እዩ።

### መርመራ ንምውሳድ ቀዳምነት ዝወሃቦም ጉጅለ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- ኣብ ቤት ሕክምና ናይ ክንክን ኣድላይነት ዘለዎም ናይ ኮቪድ-19 ምልክት ሕማም ዘለዎም ሰባት።
- ኣብ ፍሉይት መቐመጢታት ዝነብሩ ናይ ኮቪድ-19 ምልክት ሕማም ዘለዎም ኣረጋውያን ሰባት ከምኡ'ውን እቶም ኣብ ፍሉይ መቐመጢ ፍሉይነት ናይ  ምንቅስቓስ ዘለዎም።
- እንድሕር ኣብ ሓደ ናይ ስግኣት ጉጅለ ኣካል ኾይንካ፡ እንድሕር ኣብ ገዛ ሓገዝ ወይ ኣብ ገዛ ክንክን ሕማም ኣለካ ምእንቲ መርመራ ምውሳድ ኣድላይ ኮይኑ ንምኽሪ ምስ ናይ ጥዕናኻ/ክንክንካ ማእከል ርክብ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።
- ኣብ ኣውራጃታትናን ኮሙናትናን ህሉው ናይ ኮቪድ-19-ረኽሲ ዘለዎ፡ ናይ ጥዕና/ናይ ክንክን ሕማም ሰራሕተኛታትና ከምኡ'ውን ናይ ክንክን ስኒ ሰራሕተኛታት ።
- ተቐማጦ ናይ ኮቪድ-19-ረኽሲ ምልክት ሕማም ዘለዎም።

### ናይ ጸረ ጓና ኣካላት መርመራ ድሕሪ መድሃኒታዊ ገምጋግ

ኣውራጃ ቨስተርኖርንላድ እንድሕር ሓደ ሓኪም ብመድሃኒታዊ ድርኺት ገምጊምዎ፡ ናይ ጸረ ጓና ኣካላት ይምርምር እዩ። እቲ መርመራ ንድሮ ሕሙማት ሰባት ከም ሓደ መመላእታ መለልይ መርመራ ክዝውተር ይከኣል።

### ናይ ጸረ ጓና ኣካላት መርመራር ንሓፋሽ

ናይ ጸረ ጓና ኣካላት መርመራ ንሓፋሽ ኣብ መወዳእታ ጥቅምቲ ክእዘዝ ኽከኣል እዩ። ሽዑኡ እቶ 15 ዓመት ዝመልኡን ሓደ ባንክ ኢደ/BankID ዘለዎምን ተቐማጦ ኣብ 1177 ናይ መምርሒ ክንክን/Vårdguiden ኤለትሮኒካዊ ኣገልግሎት ኣትዮም ናይ ጸረ ጓና ኣካላት ክእዝዙ ይኽእሉ።

# ነቲ መርመራ ባዕለይ ክወስዶ ይኽእል ድየ?

ፐሰኣር-መርመራ/PCR-prov መን እዩ ዝወስዶ ዝተፈላለየ እዩ። ናይ ክንክን ሰራሕተኛታት ክኾኑ ይኽእሉ ወይ ነቲ መርመራ ባዕልኻ እትወስዶ ኣሎ፡ እቲ ባዕልኻ መርመራ ምውሳድ ኢሉ ዝጽዋዕ። እንድሕር ነቲ መርመራ ባዕልኻ ክትወስዶ ኾይንካ ከመይ ክትገብር ከምዘለካ ንኽትፈልጥ ሓበሬታ ክትወሃብ ኢኻ።

ዋላ ሓደ ናይ ስነ-ዕያገንዳዊ መርመራ ባዕልኻ ክትወስዶ ትኽእል ኢኻ ዝብል ካብ ናይ ህዝባዊ ጥዕና ሰበ ስልጣን ዝወሃብ ለበዋ የለን።

ብዛዕባ ባዕልኻ እንታይ ክትገብር ከምትኽእል/[vad du kan göra själv om du har symtom]() ዝያዳ ኣንብብ።

# እቲ መርመራ ምውሳድ ብኸመይ እዩ ዝግበር?

ሓደ ፐሰኣር-መርመራ/PCR-prov ምእንቲ ነቲ ኣብ ናይ ሻምብቆ ኣየር ጸረርታ ዘሎ ቫይረስን ባክተርያን ክትሕዞ ብሓደ ንእሽቶይ ቀጢን ዕንጨይቲ እዩ ዝውሰድ።

እቲ መርመራ ካብ ውሽጢ ኣፍንጫ ክውሰድ ይከኣል እዩ። ሽዑኡ ንስኻ ወይ ናይ ክንክን ሰራሕተኛ ነቲ ዕንጨይቲ ብመስኮት ኣፍንጫ ተእትውዎ።

እቲ መርመራ ካብ ጎሮር እውን ክውሰድ ይከኣል እዩ። ሽዑኡ እቲ ዕንጨይቲ ብኣፍ እዩ ዝኣቱ።
ሓደ ሓደ ግዜ ፐሰኣር-መርመራ/PCR-prov ብኣፍንጫን ብጎሮሮን ይውሰድ እዩ። እቲ መርመራ ምውሳድ ቁሩብ ዘይምሹው ኮይኑ ክስምዕ ይኽእል□እዩ፡ ግን ብቕልጡፍ እዩ ዝግበር።

ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ካብ'ቲ ስዒልካ እተውጽኦ ዓኽታ ይውሰድ እዩ።

ሓደ መርመራ ስነ-ዕያንነዳዊ ሓደ ናይ ደም መርመራ እዩ።

## እቶም ናይ ክንክን ሰራሕተኛታት መከላኸሊ መሳርሒ ክህልዎም ይኽእል እዩ

እቶም ናይ ክንክን ሰራሕተኛታት ፍልዩ ክዳውንቲ ንኣብነት ናይ ኣፍ መከላኸሊ ወይ ኣብ ገጾም ሓደ ጻዕዳ መርኣይ/ቪዚር ክህልዎም ይኽእል እዩ። ከም ሓደ ዘይልሙድ ኩነት ኮይኑ ክግንዘብ ይከኣል እዩ፡ ግን ኣብ እዋን ፍሉያት ሕማማት ዝዝውተር ኣገባብ እዩ።

እቶም ሰራሕተኛታ ምእንቲ እቲ ሕማም ከይለግቦም ከምኡ'ውን ንኣብነት ናብ ካልኦት ሕሙማት ንኸየመሓላልፉዎ ንምውጋድ እዩ። ንሓደ ቆልዓ ወይ ንገለ ከምርመር እንከሎ ሻቕሎት ዝስመዖ ሰብ ምንጋር ጽቡቕ ክኸውን ይኽእሉ እዩ።

# እቲ ናይ መርመራ መልሲ ምስተወሃብኩ እንታይ ይገብር?

ነቲ መርመራ ከመይ ክትርጎም ከምዘለካ ኣብ'ቲ ናይ መርመራ መልስኻ ኣሎ። ንዝያዳ ሓበሬታ ምስ መን ርክብ ክትገብር ከምትኽእል እውን ክትፈልጥ ኢኻ። እቲ ኮቪድ-19 በቲ ናይ ምክልኻኸል ላብዕ ሕጊ/smittskyddslagen ስለዝጠቓለል ነቶም መምርሒታት ክትከታተሎም ግዴታ ኣለካ።

# ሓደ ኣወንታዊ ፐሰአር-መርመራ-PCR-prov እንታይ ትሕዝቶኡ?

### ኣወንታዊ መልሲ ኮቪድ-19

እንድሕር እቲ ናይ መርመራ መልስኻ ኣወንታዊ ኾይኑ ምእንቲ ንኻልኦት ከይተልግብ ኣብ ገዛ ክትንጸል ኣለካ።

ነቲ ናይ ላብዕ ምክልኻል ሕጊ እውን ክትካታተል ኣለካ። ከመይ ከምእትገብር ኣብ'ዚ ክንገልጸልካ ኢና።
እቲ ናይ መርመራኻ መልሲ ሳዕቤን ናይ ኮቪድ-19 ዝኾነ ሓደ ህሉው ረኺሲ ከምዘለካ ኣርእዩ ካብ'ቲ ምልክት ሕማም ዝተሰመዓካ ኣትሒዝካ እንተወሓደ ን7 መዓልቲ ኣብ ገዛ ክትከውን ኣለካ፡ ከምኡ'ውን ካብ ረስኒ ናጻ ካብ ዝኾንካሉ ክልተ መዓልትን ብሓፈሽኡ ዝያዳ ሒሹካ ኾይኑ ዝስመዓካን። ሽዑኡ ከም ኣላጋባይ ኣይትግምገምን ኢኻ። እንድሕር ካብ ላብዕ ነጻ ከምዝኾንካ ንምርኣይ ወይ ብኻልእ ምኽንያት ሓድሽ መርመራ ዘውሰድ ምኽንያት የለን። እቲ መርመራ ንነዊሕ እዋን ኣወንታዊ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ እዚ ማለት ከም ኣላጋቢ ከምእትግምገም እይገብረካን እዩ።

## ኣብ'ዚ እዋን እዚ መርመራ ነዞም ዝስዕቡ ክትገብር ኣለካ፡

- ናብ ስራሕ ወይ ናብ ቤት ትምህርቲ ዘይምኻድ
- ብዝይካ ምስ'ቶ ምሳኻ ዝቕመጡ ምስ ካልኦት ሰብ ካብ ምርኻብ ምቑጣብ
- ኣብ ዱኳናት ከይድካ ዘይምሽማት ወይ ብህዝባዊ መጓዓዝያ ገይርካ ዘይምጋሽ
- ፍሉያት ናይ ንጽሃት ኣገባባት ምክትታል፡ ኢድካ ብዙሕ ግዜ ንምሕጻብ ጥንቁቕ ምኻን፡ ፊጥ መበሊ መንዲል ከምኡ'ውን ኣብ መዓጽፎ ብርኪ ኢድ ወይ ኣብ ፊጥ መበሊ መንዲል ምህንጣስ።
- እንድሕር ተላቢዕካ ኾይንካ ክንክን ከተመልከት ከለኻ ሓብር
- ነቶም ኣብ ናይ ምክልኻል ላብዕ ሕጊ ዝተመርኮሱ ናይ ኣገባብ ሕግታት/förhållningsregler ተኻፈሎም

[ኣብ ገጽ ናይ ነብሰክንክን ምኽሪ ምእንቲ ነብስኻ ባዕልኻ ከትካናኸ እንታይ ከትገብር ከምእትኽእል ብዛዕባ ነብሰምክንኻን ምኽሪ ትርከብ ኢኻ።]() እንድሕር ገዲዱካ ምስ ናይ ጥዕና-ወይ ማእከል ክንክንካ ርክብ ግበር!

ድሕሪ እቲ ኣወንታዊ መልሲ ናይ መርመራኻ ምስተወሃብካ፡ ምእንቲ ናይ'ቲ ዝተወስደ መርመራር መልሲን ናይ ላብዕብ ምዝርጋሕ ምክትታትል ብመንገዲ ተለፎን ገይሩ ብሓንቲ ኣላዪት ሕሙማት ምሳኻ ርክብ ክግበር እዩ።

ሓደ ኣወንታዊ ፒሰአር-መርመራ-PCR-prov እቲ ቫይረስ ኣብ ኣከላትካ ኣለካ ግን ከምእተላብዕ ኣይርአን እዩ ማለት እዩ። ከይኣላባዕካ ናይ'ቲ ቫይረስ ኣሰር ብዙሕ ሰሙናት ከተርፍ ይኽእል እዩ። እዚ ከኣ እቲ መርመራ ከላብዕ ዘይክእል ቫይረስ እውን ክረክብ ስለዝኽእል እዩ።

ብዛዕባ ኮቪድ-19 ከምኡ'ውን ንኻልኦት ክሳብ መዓስ ከተላብዕ ከምእትኽእል ዝያዳ ኣንብብ/ [Läs mer om covid-19 och hur länge du kan smitta andra.]()

እቲ ቫይረስ እንድሕር ጠፊኡ ኾይኑ ንምርኣይ ሓድሽ መርመራ ምግዳፍ ኣየድልየካን እዩ።

### ንኻልኦት ንገር

ንኻልኦት ላቢዕካዮም ክትከውን እትኽእል ንኽትሕብሮም ብሕክምና ምሕጽንቶ ክግበረልካ ይኽእል እዩ፡ ስለሰ'ዚ ንሳቶም እውን ምእንቲ መርመራ ክገድፉ ክኽእሉ። ብዛዕባ ላብዕ ምዝርጋሕ ኣብ ጽሑፍ [Smittskyddslagen]() ዝያዳ ኣንብብ።

## ሓደ ኣሉታዊ ፒሰአር-መርመራ-PCR-prov እንታይ ትሕዝቶኡ?

ሓደ ኣሉታዊ ፒሰአር-መርመራ-PCR-prov እቲ መርመራ ክውሰድ እንከሎ ሓደ ህልው  ረኽሲ ኣይነበረካን ከኸውን ይኽእል ማለት እዩ።

ናብ ስራሕ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ክትምለስ ወይ ካልኦት ሰባት መሊስካ ክትርከብ ክትጅምር ትኽእል ማለት እዩ።

ግን እንድሕር ገዲዱካ ናብ ስራሕ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ክትምለስ ወይ መሊስካ ምስ ካልኦት ክትራኸብ የብልካን። ሽዑኡ ሓደ ሓድሽ መርመራ ምግዳፍ ከድልየካ ይኽእል እዩ።

## መዓስ እዩ ብዩን ከምዝኾንኩ ዝግምገም?

እንድሕር ገለ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ንዓኻ ዝምልከተካ ኾይኑ ብዩን ከምዝኾንካ ትግምገም፡

- ሓደ ኣወንታዊ ፒሰአር-መርመራ-PCR-prov ገዲፍካ ከምኡ'ውን ሓዊኻ።
- ሓደ ኣወንታዊ ጸረ ዃና ኣከላት መርመራ ገዲፍካ።

እቲ ናይ ህዝባዊ ጥዕና በዓል ስልጣን ብዝወሓደ ንሓደ ፍርቂ ዓመት ጥዑይ ከምዝኾንካ ይግምግም።

እቲ ገምጋማ ነቲ ናይ ህዝባዊ ጥዕና በዓል ስልጣን ለበዋታት ዘማልኡ መርመራታት ጥራይ እዩ ዝምልከት። እቲ ብኣብ ኣጻብዕትኻ ምውጋእ ዝካየድ ቅልጡፋት መርመራታት ኢሉ ዝጽዋዕ ውሑድ ኣጋጥሚ እዩ ነዞም ለበዋታት እዚኣቶም ዘማልእ።

### ብዩን ማለት እንታይ ማለት እዩ?

ጸረ ኮቪድ-19 ብዩን ምዃን ንሓደ ዝተወሰነ ግዜ መሊስካ ካብ ምልባዕ ዉሑስ ኢኻ ማለት እዩ።

ንስኻ ብዩንን ካብ ምልባዕብን ነጻ ዝኾንካን ኣብ እዋን ኮቪድ-19 ምስ ኣዝዩም ንኽሓሙ ሓደ ልዑል ስግኣት ዘለዎም ሰባት ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ።

ንስኻ ባዕልኻ ንኽትሓምም ሓደ ልዑል ስግኣት ዘለካ ነቶም ለበዋ ዝግበረሎም ፍሉያት ሕግታት ንኽትካታተል ምቕጻል ኣየድልየካ እዩ። ነቶም ልዑል ስግኣት ዘይብሎም ሰባት ዝወሃቦም ለበዋታት ክትካታተል ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ ኮቪድ-19 ኣብ Läs mer i texten om covid-19 ዝያዳ ኣንብብ።

# ኣብ ክንክንካ ጽለውን ተኻፈልን

ኣብ ክንክን ተኻፋላይ ክትከውን ኣለካ። ከምኡ ንኽትከውን ነቲ ካብ’ቶም ናይ ክንክን ሰራሕተኛታት እትወሃቦ ሓበሬታ/förstå informationen ክትርደኦ ኣለካ። እንድሕር ኣድላይ ኾይኑ ሕቶታት ኣቕርብ። ንኣብነት ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ክንክን ኣማራጺ ከምኡ’ውን ክንደይ ግዜ ንኽንክን ክትጽበ ከምዘድልየካ/hur länge du kan behöva vänta på vård ሓበሬታ ክትወሃብ ኢኻ።

ቆልዑት እውን ኣብ ክንክኖም ተኻፈልቲ ክኾኑ ኣለዎም። እቲ ቆልዓ ዝያዳ ዓብይ ምስዝኸውን ዝያደ ኣገዳሲ እዩ።

እንድሕር ቋንቋ ሽወደን ዘይትዛረብ ኾይንካ ናይ ሓደ ተርጓሚ ሓገዝ ክትወሃብ ኣኽሎ ኣለካ/få hjälp av en tolk om du inte pratar svenska። እንድሕር ንኣብነት ትሑት ናይ ምስማዕ ዓቕሚ ዘለካ ኾይንካ ናይ ሓደ ተርጓሚ ሓገዝ ክትወሃብ/få hjälp av en tolk om du till exempel har en hörselnedsättning እውን ኣኽእሎ ኣለካ።

## ኣብ ካልኦት መርበብ ሓበሬታታት ዝያዳ ኣንብብ

- ናይ ህዝባዊ ጥዕና በዓል ስልጣን - ሃገራዊ ቅርጺ ናይ ዝለዓለ ናይ ኮቪድ-19 መረመራ መውሰዲን ናይ ናይ ላቦራቶርይ ትንተናን